# <u>ቻርተር ህዝቢ ኤርትራ</u>

<u>2011-06-22</u>

***<u>መቕድም</u>***

*ንሕና ህዝቢ ኤርትራ ንሃገራዊ ነጻነት ሰላሳ ዓመታት ዝተጋደልና፡ እንተኾነ ግን መባኣታዊ መነባብሮ ህይወትን ውሕሉል መንግስትነትን ብድሕሪተ-ጠመት ዲክታቶር ዝተሓረምና፡ እንሆ ኣብ እዚ ቻርተር ህዝቢ ኤርትራ እምነትና ነስፍር ኣሎና፤*

*ቀዳማይ ዕላማ ቻርተርና ንሉእላውነት ሃገርና ምዕቃብን ኣብ ብዝሃ-ሰልፍታት ዝተመስረተ ደሞክራሲ ምቛምን ብቑዕ ቁጠባ ምህናጽን ዞባዊ ሰላም ምስፋንን እዩ።*

*ካልኣይ ዕላማ ቻርተርና ጎደና መጻኢ ዕድልና፡ ኣብ ሜዳያት ፖለቲካን ቁጠባን ትምህርትን ምዕበላ ሰብኣውን ጥረነገራውን ምንጽታት ሃገርና፡ ምጽራግ እዩ።*

*ሳልሳይ ዕላማ ቻርተርና ንኹሎም ደሞክራስያዊ ሓይልታት ኤርትራ ንህንጸት ባይቶ ምኽሪ ኤርትራ ምዕዳም እዩ።*

*ዓንቅጽ* 1

*<u>ደሞክራስያዊት ኤርትራ ንህነጽ</u>*

- *ሕገመንግስታዊ ደሞክራሲ ክንሃንጽ ኢና።*
- *ኣብ ህዝባዊ ስልጣንን፣ ኣድማሳዊ መሰላት ማዕረነትን ሓራን፣ ምስጢራውን ሰልፋዊ ምርጻን፣ ዝተመስረተ ሕገ-መንግስቲ ንምጽዳቕ ክንቃለስ ኢና።*
- *ፖለቲካዊ ስልጣን ካብ ህዝቢ ኤርትራ ይፍልፍል፡ ብህዝቢ ዝተመርጹ ወከልቱ ድማ ይተግበር ቢልና ንኣምን።*
- *ንመሰላት ሓራ ርእይቶን ፕረስን ንቃለስ!*
- *ንክብረት ግለሰብን መሰል ብሕታውነቱን ክንካላኸል ኢና፡ ንመሰላት ምትእኽኻብን ምስራዕ ማሕበራት ሰራሕተንያታትን በርጌሳዊ ማሕበራትን እውን ኣጽኒዕና ክንማበቕ ኢና።*

*ዓንቀጽ* 2

## <u>መትከል ደንደሳት ሰልስተ ስልጣናት ከይጥሓሱ ክንሕልው ኢና</u>

- ኣብ ደሞክራስያዊት ኤርትራ ፈጻምን ሓጋግን ፈራድን ስልጣናት ካብ ሓድሕድ ዝተፈልዩ ኣገልግሎት ክህልዎም እዩ።
- ፈራዲ ኣካል ስልጣን ባዕለ-ውሳነን ምስጉን ስነ-ምግባራዊ ደርጃን ሞያዊ ጽፈትን ክህልዎ እዩ።
- ግዝኣተ-ሕጊ ኣብ ነጻ ኣብያተ ፍርድን፡ ማዕረነት ኣብ ቅድሚ ሕግን፡ ሕጋዊ ውሕስነት ንግለሰባትን፡ ዝተመስረተ ክኸውን እዩ።
- ንኹሎም ግለሰባውን ሰብኣውን ዝሓቁፈ ደብተር መሰላት ክሕገግ ክንቃለስ ኢና።

### ዓንቀጽ 3

## <u>መሰል ምስረታ ፖለቲካዊ ማሕበራት</u>

- ኩሎም ዜጋታት ፖለቲካዊ ሰልፍታት ክምስርቱን ኣባላት ዝተመስረቱ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ክኾኑን መሰል ኣለዎም።
- ምስጢራውያን ፖለቲካውን ወተሃደራውን ወገናውን ማሕበራት ብሕጊ ኩልኩላት እዮም።

### ዓንቀጽ 4

## <u>ነጻነት ሃይማኖት</u>

- ነፍሰወከፍ ዜጋ ብመርሃ ሃይማኖቱ እምነቱ ክስዕብ መሰል ኣለዎ።
- ሕገመንግስቲ ኤርትራ ኣብ መንጎ ሃይማኖታውን መንግስታውን ጉዳያት ብመሰረት ሕጊ ይድርት፣ ብተወሳኺ ሃይማኖታውን መንግስታውን ሸነኻት ኣብ ጉዳያት ሓድሕዶም ጣልቃ ከይኣትዉ ብሕጊ ይድርት።
- ዝምድናታት መንግስታውን ሃይማኖታውን ትካላት ብመትከላት ደሞክራስን ሃይማኖታዊ ሓርነትን ይግዝኡ።

ዓንቀጽ 5

<u>ርእሰ-ወሳኒ ብሄራት</u>

ንመሰል ርእሰ-ውሳነ ብሄራት ምትግባር ማእከላዊ ቸርተር ህዝቢ ኤርትራ እዩ።

ዓንቀጽ 6

<u>ፌደረሽን</u>

- ሕገመንግስቲ ንዘተፈላለዩ ኢ-ማእከላዊ ቅርጻታትን ውሽጣዊ ፌደራስዮንን ክቖርጽ ማእከላዊ ግደ ኣለዎ።
- ኣውራጃታት ኤርትራ ኣብ ንቡር ቦታኦም ክምለሱ እዮም።

ዓንቀጽ 7

<u>ዕላውያን ቋንቋታት</u>

- ዕላውያን ቋንቋታት ኤርትራ ትግርንያን ዓረብን እዮም።
- ብሄራት ኤርትራ ቋንቋታቶም ከማዕብሉ መሰል ኣለዎም።

ዓንቀጽ 8

<u>ንማዕረነት ጾታ ክንቃለስ ኢና</u>

- ንማዕረነት ደቂ-ኣንስትዮን ተባዕትዮን ክንቃለስ ኢና።
- ኣንስትን ሰብኡትን ማዕረ መሰላትን ግቡኣትን ዕድላትን ኣብ ኩሉ ሓባራዊ ናብራኦም ክህልዎም እዩ።
- ማዕረነት ኣንስትን ሰብኡትን ኣብ መትከል 'ማዕረ ማሃያ ንማዕረ ስራሕ' ዝተመስረተ ክኸውን እዩ።
- ኣደነት ኣብ ኤርትራዊ ሕብረተሰብ ዝለዓለ ዋጋ ስለ ዘለዎ ኣብ ህንጸት ኤርትራዊ ስድራ ቤት ማእከላዊ ቦታ ክወሃቦ እዩ።

ዓንቀጽ 9

ህያው ዝኾነ ቁጠባ ንህነጽ

- ኣብ ኤርትራ መሬት ናይ ዓዲ እምበር ናይ መንግስቲ ይኹን ወይ ኣውራጃ ኣይኮነን።
- ቁጠባዊ ስርዓትና ኣብ መትከላት ብሕታዊ ንብረትን ነጻ ሹቕን፡ ተሳትፎ መንግስትን መንግስታዊ ሞግዚትነት ንተፈጥሮኣዊ ሃብትን፡ ክምስረት እዩ።
- ኣብ ሓዲስ ሕገመንግስትና ኣንጻር ቁጠባዊ ዓብላልነትን ጸረ-ሞኖፖልን ጸረ-ብልሽውነትን ሕግታትን ከነተኣታቱ ኢና።
- ንተፈጥሮኣዊ ሃብቲ ዘየጠፍኽን ዓቕምታት ሰብ ዘየባኽንን ንሃዋህው ከባቢ ዘይብክልን ቁጠባ ክነማዕብል ኢና።
- ኣብ ውሕስነት ምግቢ ዝተመስረተ ሕርሻ ነማዕብል!
- ንኢንዱስትሪ ሃገርና ኣብ ዙርያ ሕርሻ ነማዕብል!
- ተራድኣዊ ማእቶት ዓሳ ነማዕብል!
- ንቁጠባ ማይን ምግራብን ጸረ-ምድረበዳነትን መተካኣታ ጸዓትን ዝሕግዝ ፖሊሲ ክንሕንጽጽ ኢና።
- ፖሊሲ ቀረጽ ንሃገራዊ ዕማማት ዘማልእን ንርእሰማል ዘይውጽዕን ክኸውን እዩ።

ዓንቀጽ 10

አገልግሎት ቱሪዝም

- ንኢንዱስትሪ ቱሪስም ዘገልግሉ ቦታት ክሕዝኡ እዮም።
- ስለ ድለባ ባጤራ ተባሂሉ፡ ሃዋህው ከባብን፡ ኮራል ጋማግም ባሕሪ ዝብክልን፡ ንኤርትራውነት ዘሕስርን ፖለቲካ ቱሪዝም ንነጽግ።

ዓንቀጽ 11

ትራፊክን ትሕተ-ቅርጻን

- መጎዓዝያን ኮሙኒከሽን (ወሰላት) ሃገርናን ኣብ ደቂቕ መጽናዕቲ ዝተመስረተ ክኸውን እዩ።

- ፖሊሲ ትራፊክ ንገጠራት ምእንታን ከገልግል ኣብ ጠለባት ኣውራጃታት ዝተመስረተ ክኸውን እዩ።

- ሓደጋ-ኣልቦነትን ሓለዋ ሃዋህው ከባብን እምኒ-ኩርናዕ ፖሊሲ ትራፊክን ቱሪስምን ኣገልግሎታት ትሕተ-ቅርጻን ክኸውን እዩ።

- ንትሕተ-ቅርጻ ሃገርና ምምዕባል ዝተዓጻጸፈ ጻዕሪ ከነካይድ ኢና።

ዓንቀጽ 12

## <u>ሹቕ ሽቕለት</u>

- ንሹቕ ሽቕለት ብዝምልከት ፖሊሲና ፍልልያት ደርብን መበቆልን ሃይማኖትን ኣውራጃን ጾታን ዕድመን ኣብ ግምት ዘየእቱ፣ እንታይ ደኣ 'ኩሎም ኤርትራውያን መሰል ስራሕ ኣለዎም' ኣብ ዝብል መትከል ዝተመስረተ እዩ።

- መንግስቲ ከም ኣገዳሲ ቆጻሪ ስራሕ መጠን ብመገዲ ዳግመ ትምህርትን ዳግመ-ስልጠናን ንትምህርቲ ኮነ ጥበብ ሰራሕተንያታት ከማዕብል ገዴታ ኣለዎ።

- ሃዋህው ስራሕ ንጥዕናን ድሕነት ሰራሕተንያታትን ከግልግል ዝዓለመ ክኸውን እዩ።

- ከምኡ እውን ግላዊ ክብርን ሞያዊ ምዕበላ ቁጹራትን ክሕለው እዩ።

- ማሕበራት ሰራሕተንያታት ንመሃያን ደሞክራሲ ኣብ ቦታ ስራሕን ብዝምልከት ምስ ቆጸርቲ ስራሕ መሰል ምውጋይ ክህልዎም ንቃለስ።

ዓንቀጽ 13

## <u>ምክፍፋልን ኣህለኽትን</u>

- ዓበይቲ ጋጋት እቶትን ሃብትን ደርባዊ ተጻብኦታትን ንመናባብሮ መብዛሕቱ ዜጋ ለጠቕ ስለ ዘብልን፡ ንቁጠባዊ ልምዓት እውን ስለ ዘተዓናቕፍ፡ ንመትከል 'ማዕረ ስራሕ ማዕረ መሃያ' ክንትግበር ክንቃለስ ኢና።
- መሰላት ማሕበራዊ ውሕስነትን ፍትሓዊ እቶትን ብፖሊሲ ቀረጽ ከመዓራረዩ እዮም።
- ሚዛን ሰሪሑ-በላዕ ኣብ ሕብረተሰብ ክብደት ምእንታን ክህልዎ ንፍረ ስርሑ ብምምዕባል መጠን እቶቱ ከም ዝዛይድ ምግባር።
- ንፍርያት ስራሕን ኣገልግሎትን ካብ ዘይፍትሓዊ በለጽ ወነንቲ ኢንዱስትሪን ንግድን ክንከላኸል ኢና።
- ዋጋታት መሰረታዊ ኣድለይቲታት (ናብራ) ብዘይ ኣገባብ ምእንታን ከይውስኹ ብመንገዲ መንግስታዊ ትካላትን ማሕበራት እህለኽትን ክንከላኸል ኢና።

ዓንቀጽ 14

<u>ናብ ኩሉ ዝበጽሕ ሓለዋ ጥዕና ክንዝርግሕ ኢና</u>

- ስኡናት ብሓልዮትን ክብርን ዝትሰነየ ኣገልግሎት ጥዕናን ኣፋውስን ምእንታን ክረኽቡ ንምሉእ ህዝብና ዘገልግል ሰፊሕ ዝርጋሐ ዘለዎ ፕሮግራም ሓለዋ ጥዕና ክነቑውም ኢና።

- ጽሩይ ማይ ብምብርካትን፡ ንደረጃ ጽርየትን ቀለብን ትምህርትን ኣባይትን ሃዋህው ከባብን ብምምሕያሽ፡ ጽቡቕ ጥዕና ህዝቢ ክንፈጥር ኢና።

- ከምኡ እውን ንባርዕ ሕማማት ተላገብ ብዓንተቦኡ ምእንታን ክንዓግት ንምክልኻል ጥዕና ቅድምያ ክንህብ ኢና።

- ሰፊሕ ዝርጋሔ ዘለዎ ትምህርቲ ክንምስርት ኢና።

- ንትምህርቲ ብዝምልከት መሰረታዊ ስትራተጊና ንድንቁርና ምምሓውን ትምህርቲ ንኹሉ ምዝርጋሕን እዩ።

- መባእታዊ ትምህርቲ ክፉት ንኹሉን ግዴታውን ኣብ ኩሎም ዓድታትን ኣውራጃታትን ዝተዘርግሐ ክኸውን እዩ።

- ኣገዳሲ ዕላማ ፖሊሲ ትምህርቲ ንዓንኬል ድኽነት ወሎዶታት (ንመንእሰያት ኤርትራ ጽቡቕ ዕድል ትምህርትን ስራሕን ብምኽፋት) ምብታኽ እዩ።

- ማኣከላዊ ዕላማና ኣዝዩ ጽብሉል ዓቕሚ ሰብ ምምዕባል እዩ። ነዚ ዕላማ ንምትግባር ክብሪ ዝተጎናጸፉ ኩለኛት መማህራን ክነማዕብል ኢና፡ ከምኡ እውን ንሞያ መማህራን ደረጃኡ ምእንታን ክሕለወሉ ጽቡቕ ደሞዝ ክቐረጸሉ እዩ።

- ላዕለዋይ ትምህርቲ ተክኒካዊ ፍልጠት ኣብ ምምዕባል ዘተኮረ ክኸውን እዩ። ከምኡ እውን ግዚኡ ዘይሓለፎ (ንምዕባለ ሕርሻን ምግራብን ቁጠባ ማይን ዝጠቅም) ተክኖሎጂ ምምራጽ ማእከላዊ ዕላማና እዩ።

- ንምድላብ ፍልጠት ዝጠቅም ፖሊሲ ዞባዊ ምትሕብባር ክንሕንጽጽ ኢና፡ ብተወሳኺ ንምርምርን ልምዓትን ዘማዕብል ሓገዝ ንምርካብ ዓለምለኻዊ ወፈራ ክነካይድ ኢና።

- ንስፖርትን ጅምናስቲክን ከም ኣገደስቲ ሸነኻት ትምህርቲ ክነማዕብል ኢና።

ዓንቀጽ 15

ዓቕሚ ሰባውን ጥረነገራውን ምንጽታትናን ክነማዕብል ኢና

- ህጻናት ኣብ ማኣከለ-ልቢ ስትራተጊ ልምዓት ሰባዊ ዓቕሚ ክኾኑ እዮም።

- ማኣከላዊ ዕላማ ፖሊሲ ስድራቤት ኣብ ክንክን ህጻናት ዘተኮረ እዩ። ነዚ ዕላማ ምእንታን ኣብ ግብሪ ክንትርጉም ንስድራቤታት ቀጥታዊ ሓገዝን ተመላሲ ቀረጽን ክነበርክት ኢና። እዚ ምስ ዝግላእ ስድራቤታት ንደቆም ብግቡእ ኣንዳ ኣዕበዩ ምጡን ናብራ ክካይዱ ይኽእሉ።

- ካልኣይ ሸነኽ ፖሊሲና መዋኣለ-ህጻናትን ኣዚነልን ኣብያተ ትምህርትን ማኣከላት ጥዕናን ምምዕባል እዩ።

- ንስኡናት ህጻናት መጽሓፍትን ካልኦት ነገራት ትምህርትን ምብርካት ኣድላዪ እዩ።

- ቅዲ ኣባይትን ከተማዊ ምዕብልናን ትራፊክን ንህጻናት ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን እዩ።

ዓንቀጽ 16

ኣባይቲ

- ንኣባይቲ ብዝምለከት ኣንዊሑ ዝጥምት ፖሊሲና ንኹሉ ኤርትራዊ ስድራቤት ዝውንኖ ቤት ከም ዝህልዎ ምግባር ኮይኑ፡ ማእከላይ ፖሊሲና ኣብ ሓጺር ግዜ ኩሎም ኤርትራውያን ኣብ ልዕሊ ርእሶም ናሕሲ ከም ዝህልዎ ምግባር እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ዕላማና ኣባላት ማሕበራት ተራድኦ ግራታውቶም ክውንኑ፡ ሰራሕተንያታት ቀጻሊ ስራሕ ክህልዎም፡ ኩላቶም ድማ ኣባይቶም ክውንኑ እዩ።
- ዝተመጣጠነ ምዕብልና ምእንታን ክህሉን፡ ውሕዘት ሰበ-ዓዲ ኣብ ከተማታት ምእንታን ክዕገትን፡ ምምዕባል ብሕታዊ ኣባይቲ ዓድታት ኤርትራ ዓንዲሕቔ ስትራተጂና እዩ።
- ስትራተጂ ኣባይቲ ኣብ ሃገር ካብ ዝርከቡ ጥረ-ነገራትን ኣብ ሃገርና ዝተሰርሑ ኣቑሑትን ዘተኮረ እዩ።

## <u>ጭርሖ</u>

- <u>ኤርትራውያን! ከም ሓደ ሰብ ደው ንበል! ብሰንኪ ፋሕ-ጽንግራሕ ኣይንኮርመ!</u>

- ፖለቲካዊ ማሕበራትን፣ በርጌሳዊ ማሕበራትን፣ ስደተንያታትን፣ ኮማት ድያስፖራን፣ ስበ-ሞያን ምሁራትን ዝሳተፍዎ ባይቶ ምኽሪ ኤርትራ ንፍጠር!

- ንሰፊሕ ልፍንትና ኣብ ሃገራዊ ጉባኤ ንንደቆ! ኣብኡ ድማ ሕጋውነትና ንመስርት!

ዓወት ንሃገራዊ ጉባኤ!

Editorial Board

Eritrean Congress Party Strategy Adi

www.strategyadi.org